# ምዕባለ ኤርትራ እግሪ ንምትካል

## ዘድሊ ዕጥቅን ቃልስን

ብ

ብርሃነ ወልደሚካኤል

"ቀጠባዊ ምዕባለ ኤርትራ ንምልዓል" ብዝብል አርእስቲ
ካብ 15 ክሳብ 19 ሓምለ 1991
አብ ኣስመራ ዝካየድ ጉባኤ ንክቐርብ ዝተዳለወ ወረቐት።

# ምዕባለ ኤርትራ እግሪ ንምትካል
# ዘድሊ ዕጥቀን ቃልስን

ብርሃነ ወልደሚካኤል

## መእተዊ

ብዛዕባ ሃገራዊ ምዕባለ ዝምልከት በብእዋኑ ዝወጸእ መጻሕፍቲ፣ ምርምራዊ መጽናዕትታት፣ ከምኡውን መጽሔታት ውሑድ ኣይኮነን። በዚሑ'ኳድኣ። ኣብ ሳልሳይ ዓለም ወይከኣ ኣብ ምዕባለ ዝርከባ ተባሂለን ዝጽውዓ ዓድትታት'ውን እንተኾነ፣ ቁጠባዊ ምዕባልኤን እንዳሓደረ ከንቈልቍል ዝርከብ፣ ብሰንኪ ጕድለት-ፍልጠት ጥራሕ ኣይኮነን። እቲ ንድሕሪት ዝጐተን ዘሎ ቀይዲ ብዙሕ ዝተሓላለኸ ቍጽርጻር እኳ እንተሃሎዎ፣ እውራ ሓንኳሊ ኮይኑ ዝርከብሲ፣ ፍልጠት'ውን ሃልዩ፣ ኣብ ግብሪ ክትርጐም ዝኽእል ሓቦኛ መንግስቲ ብምጥፍኡ እዩ።

ቍጠባዊ ምዕባለ ኤርትራ "በ - ቡ" ኢሉ ኣብ ምጅማር ደረጃ ስለዝኾነ፣ ናይ ሳልሳይ ሃገረት ጕድለት ከም መምሃሪ፣ ናይ ገሊአን ሃገራት ዓወታት ከኣ ከም ኣብነት ብምውሳድ ካብዚ ዘሎ ድኽነት ንምልቓቕ ሕጂ ዕድል ኣሎ። እቲ ኤርትራ ክትጥቀመሉ ትኽእል ኣብነታዊ ትምህርቲ ብግብሪ ተፈቲኑ ዝተዓወተ ድኣ ክኸውን ኣሎዎ'ምበር ብምዕራባውያን ኣረኣእያ ዝውጸ ቀዲ (ትዮሪ): ቀድሚ ሕጂ'ውን ብኻልኦት ሳልሳይ ዓለም ሃገራት ብዙሕ ተፈቲኑ ስለዘይተዓወተ: ንኤርትራ'ውን ዘገልግል ኣይኮነን። ብሓጺሩ: ብዓል 'ኣደም ስሚዝ': ብዓል 'ሚልቶን ኪንስ': እንብዓል 'ካርል ማርክስ': ብዓል 'ለኒን' ወዘተ ዘርቀቑዎ ቀዲ: ካብ ተሞክሮ ሃገሮም ዝነቐለ'ምበር ንኽምዚ ኣብ ኤርትራ ዘሎዋ ድኽነት ኣብ ግምት ኣእትዩ ዝማዕበለ ከምዘይኮነ ብንጹር ክግንዘብ ይግባእ። ንኤርትራ ዘድሊ ቀዲ ንምውጻእ: ብዓል ኣቦይ ኣርዓዶም: ኣቦይ መሓመድ-ብርሃን፣ ብዓል ኣደይ ኣውዓለት: ብዓል ኣደይ ፋጥማ ይተሓተቱ።

ናይ ሓደ ሃገር መንግስቲ ዝዓበየ መዝነት: ዘድልን ዘየድልን ብረቂቕ ኣሰላሲሉ ንምምማይን ንምጕላልን ስለዝኾነ: ኣብ ኤርትራ ንኽምኡ ከማልእ ዝኽእል መንግስቲ ንምትካል: ውሽጣዊ ሕልና ናይ ብዙሓት ሃገራውያን ዝሓትት እዩ።

## መንግስትን ሓላፍነቱን

"መንግስቲ" ዝብል ቃል ዓቢ ትርጉም ክውሃቦ ዝግባእ ኣይኮነን። መንግስቲ ማለት ንህዝቢ ወኪሉ ንብረት ሃገርን ገንዘብ ህዝብን ዘማሓድር ትካል እዩ። ሓደ ምስጉን ዝኾነ መንግስቲ ነቲ ብህዝቢ ዝተዋህቦ ሓላፍነት ብብልሓትን ብሓልዮትን ኣማዕቢሉ ንዘፍረዮ ፍረ ናብ ረብሓ ህዝቡ ከምዝውዕል ይገብር። ብኣንጻሩ፡ ብልሹው ዝኾነ መንግስቲ ከኣ ሓልፍነቱ ዘንጊዑ ምዕባለ ተሪፉስ ነቲ ዝተረከቦ ንብረት-ሃገር ኣባኺኑ፡ ንሃገሩ ብዕዳ ቋሪኑ፡ ንህዝቡ ኣብ ድኽነት ሃዋህው የእቱ።

"ምስጉን መንግስቲ" እዘን ዝስዕባ ኣርባዕተ መሰረታውያን ዝኾና ፍረ ነገራት ከም መሳርሒኡ ገይሩ ዝጥቀም እዩ፥

1. ሕጋዊ መሰል ወዲ-ሰብ ብማዕርነት የኽብር
2. ዲሞክራስያዊ ስርዓትን ኣገባብን ይኽተል
3. ናይ ዘረባን ስነጽሑፍን ነፃነት ይሕሉ
4. እድልዎ፡ ሌላ-ጉሌላ፡ ብላዕ ዝኣመሰሉ ጽዩፋን ኣሰራርሓ የወግዝ

ሓደ መንግስቲ፡ እዘን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሳ ኣርባዕተ ፍረ ነገራት እንተድኣ ተጠቂሙ፡ ብኣብነታዊ ስርሑ ንህዝቡውን ኣኽባር ሕግን ተሓላቒ ሃገሩን ከምዝኸውን ይገብር። ካብዘን ዝተጠቕሳ መሰረታውያን ነጥብታት ሓንቲኳ እንተጐደለት ግና፡ ሃገራዊ ምዕባለ ንቕድሚት ዘሰጉም ኩነታት ስለዘይህሉ፡ ውዒሉ ሓዲሩ ህዝባዊ ናዕቢ የኸትል።

እዘን ዝተጠቕሰ ኣርባዕተ ፍረ-ነገራት መሰረታውያ ይኹና'ምበር፡ መንግስቲ ከማልኦ ዘሎዎ ነገራትሲ ብዙሕ እዩ። ገለ ስራሓት ብዓቕሚ ውልቀ-ሰባት ክግበር ስለዘይከኣል፡ መንግስቲ ብሽም ህዝቢ ሓላፍነት ተሸኪሙ የማሓድሮ። ንኣብነት፡ ኣገልግሎት ትምህርቲ፡ ጥዕና፡ መብራህቲ፡ ምሕታም ሰልዲ፡ ወጻኢ ዝምድና፡ ሓለዋ ሃገር ውዘተ ዝኣመሰሉ እዮም። እዞም መንግስታዊ ስራሓት እዚኣቶምውን ኣገልግለቶም ብስርዓት ዘየበርክቱ እንተድኣ ኰይኖም፡ ምዕባለ ሓደ ሃገር ብዙሕ ክጐዳእ ይኽእል። ኣገልግሎት ቡስጣ ከም ኣብነት ክውሰድ ይከኣል። ቁልጡፍን ዘተኣማምንን ኣገልግሎት ዘይህብ እንተድኣ ኰይኑ፡ እቲ ብእኡ ክግበር ዝግብኦ፡ ገንዘብን ጊዜን ኣባኺንካ ብተዘዋዋሪ ስለዝማላእ ስራሕ ይጉተት። ከምዚ ብምኳኑ ክልተ ሳዕቤን የኸትል፥ ቀዳማይ እቲ መንግስቲ እቶት ይስእን፡ ካልኣይ ከኣ፡ እቲ ተጠቃሚ ዘጥፍኦ ጊዜ'ውን ገንዘብ ስለዝኾነ፡ ስራሑ ክምዝድለ ክምዕብል ኣይክእልን። ከምዚ ኣሰራርሓ ከኣ እዩ ዘይምዕብለና ማለት።

ስራሕ ናይ ኤምባሲታት'ውን ከም ካልኣይ ኣብነት ጌርካ ክውሰድ ይከኣል። ናይ ኤምባሲ ሓደ ቀንዲ ስራሕ፡ ሃገር ዘፍረዮ ኣብ ወጻኢ ዕዳጋ ዝርከበሉ ኩነታት ንምንዳይ፣ ናይቲ ዘሎዎ ሃገር

ኩነታት ኣጽኒዑ ዝረኸቦ ሓበሬታ ንጥቕሚ ነጋዶ ሃገሩ ንምትሕልላፍ፣ መሰል ወዲ ሃገር ከይንፈግ ንምሕላው ዝኣመሰሉ ጕዳያት ንምምላእ እዩ ኤምባሲ ዘድሊ። ሓደ ኤምባሲ ነዝን-ወዲ-ከምዝን ከማልእ እንተዘይክኢሉ ግና እታ ሃገር ተፍርዮ ነገራት ኣብ ወጻኢ ዕዳጋ ይስእን። ብሰንኪ ሕምቀት ኤምባሲ ከኣ ረብሓ ዝርከበሉ መገዲ ይዕጾ።

ብሓጺሩ: መንግስቲ ብህዝቢ ንዝተዋህቦ ሓላፍነት ብስርዓት እንተድኣ ዘየካዪዱ'ሞ ከስርሕ ዝኽእል ሃዋእው እንተዘይፈጢሩ: ናይ ሓደ ሃገር ምዕባለ ሱር ንምትሓዝ ዝከኣል ኣይከውንን። ምስ እዚ ዝተተሓሓዘ ክዝንጋዕ ዘይግብኦ ነገርውን ኣሎ። ክእለት ወዲ-ሰብ ዝተፈላለየ ስለዝኾነ ገሊኡ ሃብቲ ናይ ምድላብን ኩነታት ኣማሓድራን ህያብ ይህልዎ። ነዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ክኢላ ምቱብባዕን መንግስታዊ ምትሕግጋዝን የድልዮ። ከምዚ ዝበለ ክኢላ: ናይ ስራሕ ዕድል ንህዝቢ ይፈጥር: ብዝኸፍሎ ቀረጽ ከኣ ንመንግስቲ የሀብትም። ኣብ ላዕሊ ከምዝተባህለ: ኣብ ሓደ ሃገር ንቑጠባዊ ምዕባለ ዘገልግል ሃዋህው እንተድኣ ዘይሃልዩ ግና: ናይ ወጻኢ ሃብቲ ኣይስሕብን: ከምኡውን ሃብቲ ዝገበረ ወዲ ሃገር'ውን እንተኾነ ገንዘቡ ኣብ ሓድሽ ስራሕ ንምውዓል ኣየብህጎን፣ እንታይ ገዲሽኒ'ሉ!

ስለዚ ቁጠባዊ ምዕባለ ናይ ሓደ ሃገር ክብ ወይ ግብ ዘብሎ ምስ ኩነታት መንግስቲ ዝተተሓሓዘ እዩ።

<u>ገለ ሓሳባት ብዛዕባ ቁጠባዊ ምምሕዳር</u>

ሓደ ምስጉን መንግስቲ: እዚ ዝተባህለ እንዳማልአ ዓቕሙን ጕልበቱን ብኽመይ ከምዘመሓደር ይውስን። ሓደ ናይዚ ጉባኤ'ዚ ዕላማ'ውን ብዛዕባዚ ርእይቶ ንምርካብን ንምዝታይን ከምዝኾነ ተገሊጹ እዩ። ብወገነይ: በዚ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ህልዊ ኩነታት ዝተላዕለ: እቲ ብዘሀውኽ ክጸዓረሉ ዘሎዎ: ንህዝቢ ኤርትራ ብዝቐልጠፈ ካብ ጥሜትን ልመናን ዘናግፍ ዕላማ ክኸውን ኣሎዎ። ኣገባብ ኣሰራርሓ ንምትላምን ቀደም-ተኸተል ናይ ዕማማት (ፕሮጀክትታት) ንምውጻእ ግና: ብስርዓት መጽናዕቲ ብምክያድ እዩ ክውሰን ዝግባእ እምበር እብ "ሎንዶን" ወይ ኣብ "ዋሺንግቶን" ኰንካ ከምዝን ከምትን ይገበር ክብሃል ዝከኣል ኣይኰነን።

ሃገራዊ ውጥን ንምሕንጻጽ: ፉልማይ እቲ ዘሎ ሃብቲ (ናይ ገንዘብን ሰብን) ብንጹር ምፍላጥ የድሊ። ብድሕርዚ እቲ ወሳኒ ኣካል: ብጽሒት ምዕባለ-ገጠር ክንድዚ ካብ ሚእቲ: ትምህርቲ ክንድዚ ውዘት ብማለት የደላድል። እተን ፈጸምቲ ክፍልታት በብወገነን ነቲ ዝተመደበለን መሰረት ብምግባር: ብጽሒተን ብኸመይን ኣብ ምንታይን ከምዘውዕልኦ ዓሚቕ መጽናዕቲ የካይዳ። እገባብ ኣሰራርሓ ናይ ዝኾነ ክፍሊ ግና: ክዕቀን ብዝከኣል ኣመሓዳድራ ክጣየሽ ይግባእ። እቲ ክብጻሕ

ዝድለ ዕላማ እንትይ እዩ: መዓስከ እዩ ክብጻሕ ብማለት ንጹር ዐመታዊ ይኹን መንፈቓዊ ውጥን ምውጻእ ኣዝዩ የድሊ። ኣብ ኤርትራ ዓይኒ'ብልይ-ስኒ'ብላይ ኣሰራርሓ ከይግበር ካብ ሕጂ ብርቱዕ ጻዕሪ ክግበረሉ ይግባእ።

በቲ ነዊሕ ባዕዳዊ መግዛእትን: በዚ ዘሎ ናይ ድርቂ ኩነታት ዝተላዕለ: ሃብቲ ኤርትራ ውሑን ክምዝኹን ኣይስሓትን። በዚ ምኽንያት ከኣ ናይ ወጻኢ ሓገዝ ከድሊ እዩ። ይኹን እምበር: ናይ ወጻኢ ሓገዝ ከም መመለእታ ጌርካ ድኣ ክውሰድ እሎዎ'ምበር ከም ሃገራዊ እቶት ተቖጺሩ ምስቲ ናይ ሃገራዊ "ባጀት" ምሕዋስ ፍጹም ዝግባእ ኣይኮነን። ብዓቢኡ ካኣ: ሓገዝ ብስርዓትን ብብልሓትን ክትሓዝ ኣሎዎ።

## ኣማሓድራ ሓገዝ

ኣብ ብዙሓት ዘይምዕቡላት ሃገራት ዝተኻየደ መጽናዕትታት ከምዘርኢ: ናይ ወጻኢ ሓገዝ ካብ ጥቕሙ ጕድኣቱ ይበዝሕ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ንምፍላጥ ዘሸግር ኣይኮነን። ብሓጺሩ: እቲ ብሓገዝቲ ማሕበራት ዝካየድ ዕማማት ወይከኣ "ፕሮጀክትታት": ዓቕሚ ናይቲ ሃገር ኣብ ግምት ስለዘየእቱ: እታ ሃገር ምስ ተረከበቶ ከምቲ ዝድለ ንምቕጻል ስለዘይከኣለ ስራሕ ኣጕል ይቋረጽ። ብኽምኡ ሳዕቤን ከኣ ሽቃላይ ዘርም-ዘርሞ ይኽውን። በዚ ምኽንያት ከኣ ምዕባለ ይሀሰ።

ኣብ ኤርትራ ብዛዕባ ናይ ወጻኢ ሓገዝ ዝምልከት ብዝቐልጠፈ ንጹር መምርሒ ምሕንጻጽ ከድሊ እዩ። ኩለን መንግስታዊ ኣካላት በብወገነን ሓገዝ ንምርካብ ይፈቐደለንዶ ኣይፈቐደለን፣ እንተተፈቒደኽ ብኽመይ ይውሃሃድ፧ ብዝኾነ ዓይነት ኣገባብ ክማሓደር እንተተወሰነ'ውን: ከምዘን ኣብ ታሕቲ ተዘርዚረን ዘሎዋ ንጥብታት ዓይነት መምርሒ ኣዝዩ ከድሊ እዩ።

1. ዝኾነ ሓገዝ: ነቲ መንግስታዊ ኣካል ዘካይዶ ዕማም ድኣ ዘማዕብል ክኸውን እሎዎ'ምበር ነብሱ ዝኽኣለን ካብ ሃገራዊ ኣካል ቍጽጽር ዝረሓቐን ፍጹም ክኸውን ኣይግብኣን።

2. ዋላኳ ክኢላታት ደቂ ሃገር ተሳኢኖም ኣስተምሃሮ ኰነ ምኽሪ ንምሃብ ወጻእተኛ ዘድልየሉ ኩነታት ምስዝፍጠር: ከጋጥም ከኣ ኢዩ: ኩሉሳዕ ግና ገባርን ሓዳግን እቲ መንግስታዊ ኣካል ኰይኑ: እቲ ግብራዊ ስራሕውን ብደቂ ሃገር ይገበር።

3. ሓገዝ ተረኺበ ኢልካ ነቲ ኤርትራ ክትክተሎ ዘሎዋ "ርእስኻ ምኽኣል" ዝብል ፍልስፍና ኸይቃወስ ዝዓበየ ጥንቃቐ ምግባር።

ርእይቶ ንምሃብ፡ እዚ ናይ ኤርትራ ሀልዊ ኩነታት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ናይ ወጻኢ ሓገዝ ብማእከልነት ምምሕዳሩ ዝበለጸ ውጽኢት ክሀብ ይኽእል እዩ። ብሕልፊ'ኳድኣ፡ ክሳብ ኣሰራርሓ ነይተን መንግስታዊ ትካላት ዝምዕብል፡ ብሓደ ኣካል ምጥርናፉ ካብ ብዙሕ ጸገም የድሕን ይኸውን ብዝብል ክግመት ይከኣል። ን'ሓገዝ ብማእከልነት ዘወሃሀድ እካል፡ ሓደ ንኡስ ክፍሊ ናይቲ ቁጠባዊ ምዕባለ ዝከታተል መንግስታዊ ኣካል ክኸውን ይኽእል። ዝጽቀጠሉ ዘሎ ዋና ሓሳብ፡ ናይ ወጻኢ ሓገዝ ብስርዓት እንተድኣ ተታሒዙ ጥቕሚ ከምዘሎዎ፡ እንተድኣ ብሸለልታ ተታሒዙ ከኣ ዓቢ ጉድኣት ከምጽእ ከምዝኽእል ንምጥቋም እዩ።

## <u>መዕጸዊ</u>

ኤርትራ ካብዚ ዘላቶ ዓዘቕቲ ንምውጻእ ብዙሕ "ምዕባላዊ-ቃልሲ" ከምዘድሊ ዝዝንግዕ ናይዚ ጉባኤ ተኻፋሊ ይሀሉ ኢለ ኣይኣምንን። ንኤርትራ ናብ ኩነታት ራሀዋ ንምሽጋር ግና ደርጋ ብዙሕ ኣማራጺ መገዲ የሎን ክብሃል ይከኣል። ኣብ ኤርትራ ምዕባላዊ ቃልሲ ብዝቐልጠፈ ፍረ ምእንቲ ክሀብ "ምስጉን" ዝኾነ መንግስቲ ክምስረት ኣሎዎ። ኣቐድም እቢሉ ከምተጠቐሰ፡ "ምስጉን መንግስቲ" ንምምስራት ግና ኩሉ ኤርትራዊ ብልቢ-ሓቂ ተለዓዒሉ ሀርኩት ሃገራዊ ናይምኺን ግዴታ ኣሎዎ። ስለዚ፡ "ምስጉን መንግስቲ" ድኣ እይጥፋእ'እምበር፡ ንኤርትራ ኣብ ውሽጢ ናይ ሓደ ተውልዲ ዘበን ካብ ድኽነት ናብ ራሀዋ ንምሽግጋር ዘይብጻሕ ዕላማ ኣይኮነን።

ተዓጠቕ ምሁር ብሃሊ ኤርትራዊ ሕጂ'ዩ ተራኻ፣  
ጀጋኑስ ገይሮም'ዮም እጃሞም -  
እነሃልካ ተረከብ መርዓትካ፣  
ሞት ሓላፊ ሽም ተራፊ ይኹን ዕላማኻ።